# ተግባርዶ ጥብራዊ ተክኒክ (Action or Illusionism)

ሕሰብ ኣስተውዕል ተማራመር ተባራበር

ሰላም ከመይ ቀኒኹም፣ ወይብ-ሳይታት ተኻታተልቲ፡ ሎሚ ኣልዒልና እንዛረበሉ ኣርእስቲ፡ ተግባርዶ ወይስ ጥበራዊ ተክኒክ(Action or illusionism) ዝብል ኮይኑ፣ እዚ ኣብ ደምበ ፍትሒ ዝርአ ዘሎ ባህሪ፣ ዝተሞርኮሰ ርግርግ ወይ ናተይ ናትካ ከምጽኦ ዝኽእል ጸገም ዘለዎ ስግኣት ዝተሞርኮሰ ይኸዉን፡፡

ካብ መጽሓፍ ኣለምሰገድ ተስፋይ፣ ኤርትራ ካብ ፈደረሽን ናብ ጉብጣን ሰውራውን 1956/1962 ገጽ 361 ከምዚ ትሕዝቶ ንረኽበሉ።

ኣባል ባይቶ ፍስሓ ወልደሚካኤል(ጋንዲ) “ክልተ ሰለስተ ኳና ኣብ ባር እናተዛናጋዕና፣ ተድላ ዕቑቢት ባዕሉ ሁርዱግ ኢሉ ይኣትወና። ቖሊሕ ከይበለና ናብ ሓደ ጫፍ ከይዱ፣ ተድልዮ ቡን ትኹን ማኪያቶ ሰትዩ፡ከምታ ዝኣተዋ በተግ ኢሉ ይወጽእ’ሞ የሰንብደና። ተፋላሊና ንገዛና ንኣቱ።እዚ ናይ ስግኣትን ስቅያትን ሃዋሁው፡ ሰብ ነንሕድ|ሕዱ ንኸይትኣማመን እዉን ዓቢ ጽቕጢ ፈጠረ። ጭፍለቓ ምንቅስቓሳት ተማሃሮን ሰረሕተኛታትን ነቲ ተጠርኒፍካ ናይ ምስራሕ ተበግሶ ፍጹም ቈጽዩ። ዝተዛረበ ወይ ዝተቃወመ ንበይኑ፡ ዓገብ ዝበሉ፣ ከምቓሕን ካብ ስራሕ ክስጎጉን ልሙድ እናኾነ ምስ ከደ(ልክዕ ስራሕ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ.)፡ እቲ ዝተረፈ ነብሱ ኽዕቅብ መረጸ(ታሪኽ ይድገም)። ፍስሃ ወልደማርያም(ጋንዲ) “እንታይ ኳንና ኢና እዚ ኹሉ ግፍዒ እናተፈጸመና ትም ንብል(እዚ እዉን ናይ ሎሚ ሕቶ ኮይኑ ኣሎ) ?” ኢሎም ንሓደ ተሰማዒ ናይቲ እዋን ከም ዘሓተቱ ኣዘንትዮም። እቶም ዓቢ ሰብ ነዚ ዝስዕብ መሊሶም፡፡ “ ኣንበሳ ዓጋዜን ቀቲሉ፡ ንኹሎም እንስሳታት ግብጃ ዓዲሙ። ነዚ ዓጋዜን ብኸመይ ንማቕሎ?፡እስከ ዝብኢ ተዛረብ ክኣ ኢሉዎ ንዝብኢ፡፡ ዝብኢ ትቕብል ኣቢሉ = ሰለፍ ንዓይ፣ ጎሎ ንዓይ፣ መንኲዳ ንዓይ፣ ሓኸለ ንዓይ፥ ...ክብል ጀሚሩ።(ልክዕ ከም ደስቡጣ ኢሳያስ)፡ ኣንበሳ ኩሉፍ ኣቢሉ፡ ነዚ ኩሉ እንተ ወሲድካ፡ ንዓና’ኸ እንታይ ትገድፈልና ? (እቶም መሳርሕቲ ኢሳያስ ዝነበሩ ዘይበልዎ ሕቶ) ኢልዎ፡፡ =ዛንጣ መዓንጣ ክብል ዝብኢ መለሰሉ። (ኢሳያስ’ከ እንታይ ኢሉ ምመለሰሎም ንዝብል፣ቤት ማእሰርቲ ዒራ ዒሮ እያ እታ መልሲ) ፡፡

ኣንበሳ ተቖጢዑ ጉድኒ ዓይኑ ጸፍዖ፡ ወያ ዓይኒ ዝብኢ ነጢራ ወጸት፡፡ (እቶም ንፍትሒ ዝሓተቱ ዘይገበርዎ ግብረ-መልሲ) ፡፡ “ ወኻርያኸ እንታይ ትብሊ ? ኢልዋ ኣንበሳ። (ህዝቢ ድሕሪ ቁጠዓ ምንጣር ኢሳያስ ነቶም ሰዓብቱ ትቕርብ ሕቶ።) “ሰለፍ፣ ጎሎ፣ መንኲድ፣ ሓኸለ...ኩሉ ንዓኻ የአ ኣምቢሽ። ዛንጡይ መዓንጡይ ከኣ ንዓና፡” ኢላቶ እናኸመስመሰት፡፡ (ሰዓብትን ተመለኽትን ስርዓተ ኢሳያስ’ዉን ፍትሕን ግዝኣተ ሕግን ክትክልን ስልጣን ናብቲ ዋንኡ ህዝቢ ክስርከብን ምመለሱ)፡፡ “ወኪር ደኣ ነዛ ምኽሪ ኣበይ ረኺብክያ ? ምስ በለ ድማ፡ ከይተዋላወለት “ ካብ ዓይኒ ዝ ብ ኢ፣ “ ክትብል መለሰት፡፡( ህዝቢ ነቶም ሙሉኻትን ሰዓብትን ደስቡጣ ኢሳያስ እዚ መልሲ ካበይ ተማሂርክምዎ ኢሉ እንተ ዝሓቶም እታ ንኢሳያስ ዝወረደቶ ውሳነ ህዝቢ ኢሎም ምመለሱ)። “ ፍስሃ ወደይ፣ እቲ ዝኸዉን ዘሎ ንርእዮ ኣሎና፡፡ ካብ’ቶም ብዝኾነን ዘይኮነን ስራሕ ዝኽልኡን ሸመት ዝቕንጠጡን ዝምቀኍሑን ዘለዉ ድማ ንመሃሮ ኣሎና...፡፡ክብሉ እቶም ምኩርን ተሰማዕ ዝነበሩ ን-ፍስሓ ወልደማርያም(ጋንዲ) ለጊሶምሎም፡፡ ንዓና ክኣ ከም ዓቢ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ክንጥቀመሉን ክንምሃረሉን ውርሻ ልቦና ኣቦታትና ኮይኑ ንረኽቦ፡፡

እዚ መዳርግቲ ዘይብሉ ጨካን (sadist) ናርሲስት(narcissism)ሕማም ዘጥቅዖ፣ ደስቡጣ ኢሳያስ ልዕሊ እዞም ባዓል ተሞክሮ ዝለገሱልና ስሱዕ ዝብኢ ንላዕሊ ምኺኑ ዋላ ሓደ፣ ኣይኮነን ዝብል ስለ ዘየለ፡ ካብዛ ምድረ-ዓለም ዝጠፍኣሉ እንበጽሓሉ ዝካየድ ዘሎ፣ ዘይ-እርኑብ ቃልሲ ምስክር እዩ፡፡

እዛ ምስላ ናይ ኣቦና፡እስከ ኣብ ደምበ ፍትሒ ከነዕልባ ክንፍትን፡ ካብ ስሳዐን፣ ንዓይ ንዓይ፣ ወገነይ ወገንካ፣ ናተይ ናትካ፣...ወዘተ ክንወጽእ ምእንቲ ብፖለቲካ መገዲ ክንርእዩ ክንፍትን ኢና፡፡

ሳይኮሎጅስትታት(psychologist) ክምህሩ ከለዉ ነፍሲ ወከፍ ፍጡር ሰብ፡ ንሰውነቱ ኣሕሚቑ ዘይኮነስ ኣልዒሉ እዩ ክርእያ ዝፍትን፡፡ እዚ ክኣ ኩሉ ሰብ (syndrome)ኣዝህንህኖት ናይ ናርሲስት(narcissism)ኣለዎ። እቲ ዝፍለ ኣወንታዊ ኣሉታዊን ናርሲስም ከም ዘሎ ብሰፊሑ ይምህሩ። ኣወንታዊ፣ መስትያት ሪኢኻ ከመይ ከም ዘለኻ ምስ ኣስተብሃልካ ንምዕራዩ ትጽዕር፡ እቲ ኣሉታዊ ክኣ ሰውነትካ ብምርኣይ መን ከማይ፡ ንዓይ ዘርክበኒ ሰብ የለን(megalomonia)መጋሎማንያ ኣዝህንህኖት(syndrome) ከምዚ ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ይሕዘካ እሞ ሓደጋ ንህዝቢ ትኸዉን፡፡

ኣብ ደምበ ፍትሒ ዝዋስኡ ዜጋታትና'ውን ካብዚ ዓይነት ተፈጥራዊ ሕማም ናርሲስትነት ነጻ ዘይኮኑ፡ በታ ኣወንታዊ ናርሲስም ዘይኮነስ፣ብውሑድ ይኹን'ምበር መን ከማይ፣ መን ከም ውድበይ ምንቅስቓሰይ ክብሉ ነቲ ከነገልግሎ ዝብልዎ ህዝቢ ወጊኖም ንምዕባይ ውድቦም ወይ ምንቅስቓሶም ከም መንነት ብምውሳድ ይሰርሑ።

እቲ ክኸዉን ዝነበሮ፡ **ህዝቢ ማእከል** ዝገበረ ብቐዳምነት ልእላውነት ሃገርን ሓድነት ህዝብን፡ ኣብ **ፍትሒ** ዝተነጽፈ ልዕላውነት ሕግን እዩ ነይሩ ፡፡ ከም ዝርአ ቅድሚ ሃገርን ህዝብን፣ሰውነትካ የዕቢኻ ከም ጎብለል ሓሲብካ እቲ እስኻ እትመርሖ ምጥርናፍ ዝሓየለን ዝበለጸን ኮይኑ ክርኣይን፣ ንህዝቢ ሃገርን ምምራሕ ሸቶ ንምብጻሕ ህርድግ ክብሃል ትዕዘብ ፡፡ ከም ሰልፍን ፖለቲካውን ውድባት ተዋዳዲርካ ስልጣን ምሓዝ ዲሞክራስያዊ ኣሳራርሓ ምኺኑ ዋላ ሓደ ዝኽሕዶ ሰብ ዘሎ ኣይመስለናን። እቲ ሕቶ ኣበየናይ ህሞትን በየናይ ኣጋባብን ዝብል ኣይምለስን ዘሎ ኮይኑ ይስማዓና፡፡ ቀዳምነት ናይ ቀዳምነት **ልዕላውነት ሃገርን ውሑስ ኮይኑ፣ ሓድነት ህዝቢ ተራጋጊጹ፣ ቅዋም ጸዲቑ፡ ኣብ እቲ ሕጊ ዘፍቅዶ ተጠርኒፍካ ከም ፖለቲካዊ ውድባትን በቢ ዓይነቱ ሲቪካዊ ማሕበራት ክቖማን ክውደባን ይኽእላ።** እዚ ዝርአን ዝጸንሐን ኣዋዳድባ፡ ኣብ ደምበ ፍትሒ፣ ገምጋም ተገይርሉ፡ እቲ ንነዊሕ ዝጸንሐ ፕሮግራምን ቕዋምን ውድብካ፡ ስጋብ ምውዳቕ እዚ ማፍያዊ ደስቡጣ ስርዓት ኢሳያስ ጉጅሉኡን ተወንዚፉ፣ ምእንቲ ምድሓን ሃገርን ህዝብን ብምባል፡ቀዳምነት ሃገርን ህዝብን ሂብካ፣ ሓደ ሱግምቲ ንቕድሚት ክኸየድ ምኻኣል፤ ሓደ (statesman)ብዓል ሞያ ፖለቲከኛ ከብለካን፣ ኣብ ታሪኽ ዝሕዞ ባይታ'ዉን ሉዑል ክኸዉን ይኽል፡፡እቲ ራኢካን ሃገር ክትማሓደር ዝብል ፕሮግራም፡ ኣብ ደሞክራስያዊት ሃገረ ኤርትራ ክጥቀምሉን ኣገዳስነን ኣርባሕን ምኺኑ ዘይስሓት እዩ፡፡

ብሓጺሩ ሓሳብን ኣንቅዶ(ambition)ወይ ትልሕንቲ(aspiration) ኣይኮነን እቲ ጌጋ፣ እንታይ ደኣ ቀዳምነት ክግበር ዘለዎ መስርዑ ሒዙን እዋኑን ግዚኡን ሓልዩ ስለ ዘይመጽእ ጎዳእን ሕማም ናርሲስዝም ክንብል ዝደፈርና፡፡

ኣቦና ፊተ. ሚካኤል ሓሰማ ራካ፣ ኣብ መጽሃፎም ከም ዝገለጽዎ ምምሕዳር፡ ህዝብን ጥሪቱን ብጹቡቕ ተሓልዩ ክነብር፡ ዝጎደለ ከማላእ፣ ዝሓመቐ ከም ዝማሓያሽ ንምግባር ዝፍጸም ስራሕ ኩሉ ብሓደ ቃል ምምሕዳር ይባሃል።

ምምሕዳር ዓቢይ ውይ ንእሽቶ ክኸዉን ይኽእል፡ ኣብነት ናይ ሃገር፣ናይ ቤተ-ሰብ፣ ናይ ንግድ ማሕበር...ወዘተ። ኣካይድኡ ኩሉ ተመሳሳሊ እዩ ፡፡ ....ይቕጽል እዚ ምምሕዳር ብጉቡእ ክንርድኦን ቀዳምነት ክህልዎ ዘለዎ ክትሰርዕን ምስ እትገብርን ሃገርን ህዝብን ርእሲ ዅሉ ከተቐምጦ ምስ እትኽእል ንብል ብወገና፡፡

ኣቦና ፊተ.ሚካኤል ሓሰማ ራካ ኣብ ዝማሃርዎ ረዚን ሓሳብ፣ **ትዕግስቲ** ምውናን ኣገዳስነቱን፡ ክገልጹ ከለዉ **"ትዕግስቲ ነፍስኻ ንምቁጽጻር እትጠቅም ዓባይ ነገር ስለ ዝኾነት ዋጋኣ ኩቡር እዩ። ዝውንንዋ ክኣ ውሑዳት እዮም። ንሳ ናይ ጽቡቕ ግብሪ መሰረት እያ'ሞ ብኣኣ ዝጥቀም ዓበይቲ ዓወታት የመዝግብ። ምናልባት ዘይፈለጣ ከም ስንፍና ይትርጎም ይኸዉን፡ ስለ'ዚ ከኣ ናይ ቁጣዓኡ ባርያ ኮይኑ የንጸርጽር፤ ይቖትል፣ ይዘምት፣ መሰል ወዲ-ሰብ ይግህስ፡፡ እንተ ዘይጸረፈን ዋጭዋጭ እንተ-ዘይበለን ሰብኣዊ ክብሩ ዘጠፍአ ኮይኑ ይስምዖ ".**፡፡(ልክዕ

ከም ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ. ን ሰዓብቱን)፤ ቀጺሎም ይብሎ ፊተ. ሚካኤል ሓሰማ ራካ፡ “ **ሊቃውንቲ ዓለም** (Violence **is the result of fear) ነድሪ ውጺኢት ናይ ፍርሃት እዩ”** ይብሉ።

ነዚ ሓቂ ኣባሃህላ ፈራሕ ከም ማፍያ ደስቡጣ ኢሳያስ እንተ ድኣ ኾይኑ ከይቀተሉኒ ክቐትል ብዝብል ሰነፍ ኣታሓሳስባ ህይወት ንጹሃት የጥፍእ፡፡ሊቃውንቲ ሃገርና እዉን፣ ትዕግስቲ ናይ ሰላም መሰርት ምዃና ኣሚኖም፡ ከነዝውትሮን ክንጥቀመሉን ከም ዞሎና ካብ ምምሃር ተቐጢቦም ኣይፈልጡን፡፡ ኣብ ደምበ ፍትሒ እዚ ናይ ኣቦታትና ምዕዶ ተኸቲልናዮን ዓቂብናዮን-ዶ ክንብል ንኽእል ? ብወገና ኣይፋል እዩ፡፡

ምኽንያቱ ኣብ ክንዲ ምጥርናፍ ምርሕሓቕ እነዘውትር፣ ኣብ ክንዲ ብትዕግስቲ ንኹሉ ዝሓቁፍ ጽላል፣ናይ ጉጅለኻ ጽላል፤ ኣብ ክንዲ ምውህሃድ ምግርጫውን ዘይምት-እምማንን ባህርያት ዓብሊሉ ንሳላሳ ዓመት ሂወት ውልቀ መላኺ ክናዋሕ ከም ዝገበርና ሓላፍነት ተሰኪምና ጌጋታትናን ጉድለታትናን ኣሚና፡ **<u>መፍትሕ</u>** ሓቢርካ ምስራሕ ክንረክብን ሓድነት ህዝብን ልእላውነት ሃገርን ቀዳምነት ክንህብ ዘይምብቃዕና ምስክር ሕምቀትና ምዃኑ ክንኣምን መሰረታዊ ፍታሕ ኩሉ ጸገማትና ኮይኑ ይስምዓና፡፡

ከም መደምታ ፊተ. ሚካኤል ሓሰማ ራካ ንህዝቢ ኤርትራ ክገልጹ ኸለዉ፡ “ እዚ ኣብ መላእ ኤርትራ ፋሕ ኢሉ ርስቲ ሒዞ ዝተቐመጠ፣ ብሞውስቦ ተሓዋዊሱ ሓደ ዓሌት ፈጠረ። ንሱ እዚ ሎሚ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ሓያል ህዝቢ ስለ ዝነበረ ንመሳፍንቲ በለው ኣሸኒፉ በቢዓዱ ነጻ ነኣሽቱ መንግስታት መስረተ። ኩለን ብርቱዓት ኣፍቀርቲ ናጽነት ስለ ዝነበራ፡ ዋላ ሓንቲ እኳ ንኻልኦት ኣሕቢራ ክትገዝእ ዝፈተነት ወይ ዝደፈረት የለን፡፡ ነፍሲ ወከፈን ናይ ናጻ መንግስቲ ምሉእ መሰል ነበረን ...ወዘተ ፡፡

ካብ ከምዚ ዝበለ ህዝቢን ደሞክራሲን ግዝኣተ ሕግን ናጽነት ናይ ነብስኻ ምምሕዳር ዝመጸእና ክነስና በዚ ንባህሊ ህዝብና ጎስዩ ብናይ ወጻኢ ስነ ሓሳብን <u>ናርሲስት</u> ሕማም ዝተጠቕዐ ኢሳያስን ጉጅሉኡን ፡ ዝገብርዎን ዝብልዎን ክንዛረብ ክንትንትን ምውዓልና ሕማሙ ንዓና’ውን ኣጻላሉይና ከይህሉ ብጥንቃቐ ኢና ክንጓዓዝ ዝግባእ ዝብል ሻቕሎትን ስግኣታትን ንገልጽን ምሕጽንቶና ነቕርብን፡፡

ኩቡራት ተኻታተልቲ ወይብ-ሳይታት ውድባትና፣ ምንቅስቓስትና፣ ካብ ዒላ/ራህያ (pond) ፍልልይ፣ዘይ ምትእምማን፣ ክወጻ ምእንቲ ብወገን ህዝቢ’ውን እንተኾነ ነቲ ጹኑዕን ፍረ/ጻማ ስውኣትና ዝኾነት ሃገርን ህዝብን ቀጻልነቱ ክራጋገጽ ግደና ክንገብርን፣ ናይ ምቅርራብን ሓቢርካ ምቅላስ ባይታ ክፍጠርን፡ንሱ ጥራይ ምዃኑ መዋጽእ ተረዲእና ብሙሉእ ሓይልና ክንጽዕር ይግባእ፡፡

ሓበራዊ ቃልስን ኣብ ሰውነትካ ምትእምማን ምስ ከማኻ ዝቃለሱ ህዝብታት ብፍላይ ኣብ ጎራባባትና ዘለዉ ናይ ጵምዳዊን ልፍንታዊ ቃልሲ ምክያድ ባህርያዊን መስርሕ ናይ ለውጥታት ምዃኑ ንኹላትና ብሩህ እዩ፡፡ ካብዚ ዝነቐለ ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ኩሎም ነዞም ክልተ ውልቀ መላኺታት ኢሳያስ ምስ ኣብይ ኣሕመድ ኣንጻሮም ዝቃለሱ ብፍላይ ክኣ ህዝባዊ ቃልሲ ጎረበትና ህዝቢ ትግራይን ኣብ ሱዳን የመን ጁቡቲ ህዝባውያን ፍትሓውያን ተቓለስቲ ዝምድናታት ክህልወካን ሓቢርካ እትቃለሰሉ ባይታ ምፍጣር ዑዙዝ ኣገዳስነት ኣለዎ። ነዚ ንምብጻሕ ናትና ሓበራዊ ስራሕን ብስምና ክዛረብ ዝኸል ውክልና እንህቦ ክንፈጥር ምስ ዝካኣል ይኸዉን፡፡ካብ ምጥርጣርን ዘይምትእምማን ወጺና፡ንድሕነት ሃገርን ህዝብን ቀዳምነት ክንህብ ንጽውዕን ንላቦን።

ሕጂ’ውን ንሕሰብ ነስተውዕል ንማራመር ንባራበር

ኣዳለውቲ ፍትዊ ክፍለ ምስ ቡዙ ቡቱኛሊ